ብከዳዓት ደቂ ሃገር ዝተዘወረ፣ብገብረመድህን ኣብራሃ ትግራዊይ‘ ብኣባል ኣንድነት ተቐቲሉ፣ኣቦና ሐርበኛ ዓብደል ቃድር ከቢረ፣ሕጂ ድማ ውዲት ከይድገም‘ብእዋኑ ዓገብ ምባል ይሓይሽ፣ ንድሕነት ህዝቢ ኤርትራ‘ ብሐደ ክንምርሽ።

ብናይ ኣንድነት ክድዓት፣
ንደቀባት ወሪዱና ማዓት፣
ነጻነት ተቀይሩ ባርነት፣
ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ቃልሲ
ወዲ መን ንበል ኮይኑ ወራሲ



ክልተ ኤሊት ርእሶም ዝሐመሙ
ኢሱ ኣቢዪ ንህዝብና ከዳኽሙ
ውዲት ኣቦሐጎታቶም ክደግሙ
ኣብ ሱውድያ ኣዲስ ይፋራረሙ
ኣብ ኣዋሳ ጎንደር ይሳዓዓሙ
ንኤርትራ ክመርሕ ቅሊማሙ
ኣቢዪ ንኤርትራ ኮይኑ ቀልቡ ሃሙ‘‘

ንኤርትራ ጨው እግሩ፣
ብመረብ ዶብ ሰጊሩ፣
ሃይለ ስላሴ ከም ዋዛ፣
ካብ እንግሊዝ ምስ ሐዛ፣
ን30 ዓመት ደም ኣውሒዛ፣

ደቂ ኤረ ሕጂ ድማ፣
ኤርትራ ብወዲ ማማ፣
እታ ውዲት ተደጊማ፣
ንህዝባ ሰጕጎም በልማማ
ህግደፍ ሃብታ ዘሪፎማ፣

ወዲ ሃገር ዓዱ ከይሐዘ

ኣብ ፌስቡክ ፓል ክዋዘ
ገለ ምስ በረቱ ምስ ደንዘዘ
ሩኹስ ጎንደር ከይዱ ይቕዘ፣

መንእሰይ ሎሚ ገዝማ
እንተ ዝብል ሻማ ሻማ
ኤርትራ ማዓስ ምሐሰማ
ምተቀንጠጠ ሕማማ፣

ወጊድ ንውዲት
ንሃገርና ድሕነት
ንህዝብና ሐርነት
ብስኒ ንቅድሚት፣

ከይንኽስሮም ክመጹና
ክንብል ንህዝብና ለኪምና
ካብ ምውሳን ዓዲ ውዒልና
ሕጂ ኸ ተማሂርና ዶ ገና፣

ቅልውላው ህግደፋዊያን
ብደገን ብውሽጥን
ኤርትራ ንኤርትራዊያን
ደም ንጹሃት ኣይሰድድን
ኣጆኹም ኣጆና ሕጂ ውን
ተሳኒና ጥራይ ንወስን
ዓወትና ናይ ግድን ዩ ናይ ግድን፣

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ'ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስ ዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ካብ ዉሽጡ ሑሩር፣ ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ' ሃገር ጀርመን።